Sprache: Tigrinisch / Tigrinya

Deutscher
Bibliotheksverband e.V.
Landesverband Sachsen

# ሓበሬታ ኣብ ኣጠቓቕማ ቤት ንባባት Chemnitz

www.stadtbibliothek-chemnitz.de

**<u>1. 1. እንኳዕ ናብ ቤት ንባብ  ብደሓን መጻእኻ</u>**
ቤት ንባባትና ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ክትትቀም ትኽእል ኢኻ፡፡ ኣብ ክፍልታት እቲ ቤት ንባብ ዘለው ኣቕሑ ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ክትጥቀም እውን ትኽእል ኢኻ፡፡  ተወሰኽቲ ግልጋሎታት ምርካብ ምስእትደሊ ካብ ቤት ንባብ  ምምሕዳር ከተማ ድረስደን መፍለይ መንነት (ID) ከድልየካ እዩ፡፡

ብካርድኻ:

- ካብ ቤት ንባባትና ኣቕሑ ክትልቃሕን ናይ ልቓሕ እዋን ክተናውሕን፣
- ናይ ኢንተርኔት ቦታታት ስራሕ፣ ተጻወቲን መርኣይትን ምጥቃም፣
- ግልጋሎታት ኦንላይን፣ ንኣብነት ኢሌክትሮኒክ መጻሕፍቲ ዳውንሎድ ምግባር ትኽእል

**<u>2. ምዝገባ</u>**

ናይ ተጠቃሚ ካርድ ንምውሳድ ኣብቲ ቤት ንባብ ክትምዝገብ ኣለካ፡፡ ብኣካል ጥራሕ ኢኻ ክትምዝገብ፡፡ እቲ ናይ ተጠቃሚ ካርዲ ብበዓል ዋና እቲ ካርዲ ጥራሕ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል፡፡ ሕጋዊነት ዘይብሎም ሰባት እቲ ካርዲ ብዘይ አገባብብምጥቃም ንዘስዕብዎ ሳዕቤን እቲ በዓል ዋና ካርዲ ተሓታቲ ይኸውን፡፡

**2.1 ንምዝገባ ዘድልዩ ሰነዳት**
ንምምዝጋብ በጃኻ እዞም ቀጺሎም ዝተሓበሩ ሰነዳት ኣረክበና:

- <u>ዝበጽሑን ሰገናትን</u>
 መፍለይ መንነት ካርዲ (ንኣብነት ፓስፖርት፣ ግዚያዊ ፍቓድ መንበሪ)
 መረጋገጺ ኣድራሻ (ናይ መንበሪ ወረቐት ምንባር፣ መሕከፊ ድረስደን፣ ፍቓድ መንበሪ )

ናይ ህጻናትመፍለይ ካርዲ፣ ናይ ተምሃሮ መፍላይ ካርዲ( ናይቲ በዓል ዋና ፎቶ ዘለዎም ፕላስቲክ ካርድታት ጥራሀ ይፍቀዱ) ወይ ከዓ ካብቲ መዕበይ ቅዳሕ ናይ ውልቀ መፍለይ ካርዲ ፡፡

ዕድሚኦም  ሽዱሽተ ዓመት ዝኾኖም ወይ ዝዓብዩ ክምዝገቡ ይኽእሉ፡፡ ዕድሚኦም ትሕቲ 14 ዓመት ንዝኾኑ እቲ ዘዕብዮም ሰብ ፈሪሙ ኣብ ክንደኦም ሓለፍነት ይወስድ፡፡

**2.2 ክፍሊታት ግልጋሎት**

ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ኣቲ ቤት ንባብና ወይ መርበብ ሓበሬታና ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡፡

**2.3 ለውጢ ናይ ውልቀ ዳታ፣ ምጥፋእ ካርዲ ተጠቃሚ**
 ኣብ ናይ ውለቀኻ ዳታ ዝኾነ ለውጢ ምስህሉ ወይ ናይ ተጠቃማይ ካርዲ ምስዝጠፍኣካ ብቕጽበት ናብቲ ቤት ንባብ ክተፍልጥ ኣላካ፡፡

**<u>3.ኢንተርኔት</u>**
እቲ ኢንተርኔት ኣብቲ ቤት ንባብ ግልጋሎት ንምሃብ ተዳሊዩ ኣሎ፡፡ ንዝበለጸ ሓበሬታ በጃኻ ነቲ ሰራሕተኛ እቲ ቤት ንባብ ኣዛርቦ፡፡

## <u>4. ኣብ ደገ እቲ ቤት ንባብ ኣቑሑ ምጥቃም</u>

### 4.1 ምልቃሕ ኣቑሑ

ዓርስኻ ኣብ እትወስዶም ኣቑሑ ክትልቃሕ( ዝምለስ) ትኽእል ወይ ኣብ ካልኦት ቤት ንባባት ምምሕዳር ከተማ ኣቑሑታት ኣብ መውሃቢ ዴስክ ብሰራሕተኛ እቲ ቤት ንባብ ይወሃቡ፡፡
ኣብ ክልቲኦም ጉዳያት ካብቲ ቤት ንባብ ኣቕሓ ክትልቃሕ እንክለኻ ናይ ተጠቃሚ ካርድኻ የድሊ እዩ፡፡
ክትልቃሕ እንከለኻ  ሕድ ሕድ ንብረት ኣቕሓ መዓዝ ከምእትምልስ ዘርኢ ናይ ምውሳድ ስሊፕ ክትወስድ ኢኻ፡፡

### 4.2 ናይ ልቓሕ እዋናት

እቲ ግዘ ልቓሕ ንዝተፈላለዩ ኣቑሑታት/ሚድያ ይፈላለ እዩ፡ ብዛዕባ እዋን ልቓሕ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ኣብ ቤት ንባብና መርበብ ሓበሬታና ክትረክብ ትኽእል፡፡ ቅድሚ ምልቃሕኻ በጃኻ እቲ ክትወስዶ ዝሓረኻዮ ኣቕሓ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘሎን ሙሉእ ከምዝኾነን ባዕልኻ ኣረጋግጽ፣ ከምኡ እውን ዝኾነ ጉድኣት ምስእትረክብ ናብ ናትና ሰራሕተኛ ኣፍልጥ፡፡

ብልቓሑ ዝተወሰዱ ኣቑሑ ናብ ሳልሳይ ወገን ዘይክመሓላለፉ  ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

### 4.3 ምምላስ ኣቑሑ

ሕድ ሕድ ብልቓሕ ዝተወሰደ ሕድ ሕድ ንብረት ቅድሚ እቲ ዝተቐመጠ ዕለት ናብቲ ቤት ንባብ ክምለስ ኣለዎ፡፡ ሕድ ሕድ ኣቕሓ ዝምልሰሉ ዕለት ኣብቲ ዝተውሃበካ ስሊፕ ወይ ናይ ተጠቃሚ ኣድራሻኻ ምርካብ ትኽእል፡፡

### 4.4 ምንዋሕ ግዘ ል ቓሕ

ንምንዋሕ ዘየኽእሉ ውሽጣዊ ምኽንያታት ምስዘይህልው(ንኣብነት ብኻልእ ተጠቃሚ ኣቐዲምካ ምዝዛዝ) እቲ ልቓሕ ቅድሚ ዕለት ምሕላፉ ክናዋሕ ይኽእል፡፡
ናይ ልቓሕ ግዘ ብቴሌፎን፣ ብኣካል ብሰራሕተኛ  ኣብቲ መውሃቢ ዴስክ ወይ ብገዛእ ርእስኻ ምንዋሕ ይከኣል፡፡
በጃኻ ብናይ ተጠቃሚ ኣድራሻ ናይ ልቓሕኻ ግዘ ምንዋሕ ዕውት ምኻኑ ብናይ ተጠቃሚ ኣድራሻ ኣረጋግጽ፡፡ ምስ እትጠራጠር እቲ ኣብ ተጠቃሚ ካርድኻ ዝኣተወ ዳታ ትኽክለኛ እዩ፡፡

### 4.5 ቅጽዓት ንዝደንገዩ ኣቑሑ/ ካሕሳ ንዝተበላሸው ኣቕሑ

እቲ ግዘ ልቓሕ ምስዝሓልፍ፣ ቅጽዓት ናይ ምድንጓይ ክኽፈል እዩ፡፡ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ቅጽዓታት ኣብቲ ቤት ንባብ ወይ  ካብ መርበብ ሓበሬታና ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል፡፡

ኣቁሑ ምስዘይምለሱ ብናይ ባዕልኻ ወጻኢ መዘከሪ ክልኣኽልካ እዩ፡፡

ዝጠፍኡ ወይ ዝተበላሸው ኣቑሑ ክትክኡ ኣለዎም፡፡ ክትክኡ ናይ ዘለዎም ኣቑሑ ናይ ከይዲ ዝርዝር ክፍሊት ክኽፈል እዩ ፡፡

## <u>5. ሓፈሻዊ ሓበሬታ</u>

ሰራሕተኛ እቲ ቤት ንባብ እቲ ቦርሳ፣ ናይ ድሕሪት መዐሽጊን ካልኦት መትሓዚ ኣቑሑ ከምኡ እውን ብዙሓት ነገራት ንድሕነት ኣብ ሎከር ንምቕመጡ ክሓተካ እዩ፡፡ እቲ ቤት ንባብ ኮነ ኢልካን ብሓፈሻዊ ትኹረት ዘይምሃብን ንዝስዕብ ምጥፋእ ወይ ዕንወት ጥራሕ ተሓታቲ ይኸውን፡፡
ኣብቲ ቤት ንባብ ኣብ እትጸንሓሉ እዋን ካልኦት ተጠቀምቲአ እውን ኣብ ግምት ኣእትው፡፡ ጽቡቕ ዘይኮነ ጸባይን ናብቲ ቤት ንባብ እንስሳት ምምጻእን ኣይፍቀድን፡፡ምብላዕን ምስታይን ነዚ ዕላማ ኣብ ዝተዳለው ክፍልታት ጥራሕ ይፍቀድ፡፡

በጃኻ ካብቲ ሰራሕተኛ ንዝወሃብ ትእዛዝ ኣስተውዕል፡፡

ብዛዕባ እዚ ሕጊ ኣጠቓቕን ናይቲ ገዛ ሕግን ኣብ ጠቕምቲ ምልክታታት ምርካብ ትኽእል፡፡

**ሰራሕተኛና ንዝህልወካ ዝኾነ ሕቶ ንምምላስ ድልው እዩ፡፡**